# መንፈስ ስውኣትና

13.01.2018

ብበላይ መስፍን

ስውእ በለ እዚ ዲዩ ኔሩ ናትና ቃልሲ
ካንደ ኣይተረረፈናን ኢዩ ንጉዕዞ ቀላሲ
ንምንታይ ሕቶ ህዝብና ሲኢኑ መላሲ
ንጭቆና ክርዕም ህዝብና እዚ ተቓላሲ
ወይስ ራዕዲ ወሪሱዎ ኢዩ ሕልና ዝሃሲ

ዘይተፈልጠ ኔሩ ኣብ ውሽጢ ቃልስና
ኣብ ውሽጥና ኔሩ ንሕና ብገርህና
ናትና መሲሉ ኢዩ ኣዘንጊዑና
እናሃለ ሃገርና ተሪፉ ብዘይ ዋና
ኣብ ሕሰም ገዲፍናኩም ኢና ኬድና

ዘይልቀም እንዲዩ ኮይኑ እቲ ማዓልቲ
ቆጸራ ዘይትህብ ኮይና እታ መስዋእቲ
ዝካኣለኩም ዳኣ ግበሩ ኣቱም ቀጸልቲ
ዘክርዎ ዝተዓወትናሉ ኩሉ ስልቲ
ኣሊናልኩም ኢና ንዝዓበዩ ጸላእቲ

ኣይንምለሶን ኢና ንኻልኣይ ጉዕዞ
ኩሉ ጸውዕዎ ነቲ ብሃገር ዝቑንዞ
መክትዎ ንህዝብና ብኹፉእ ዝሓዞ
ኣይትሕደጉና ኣብ መቓብር ክንቁዞ
ዕድል ኣይትሃቡዎ ብህዝቢ ንዝዋራዞ

ንሰምዖ ኢና ንዝገብሮ ኩሉ
ከይትእከቡ ፋሕ ብትን ኣቢሉ
ከይትዝትዩ ፍቕርኹም ኣዝቢሉ
ሓዊሱልኩም ካኣ ኣሎ ዘታልሉ
የጥፋኣኩም ኣሎ ሸንኮለል ኣቢሉ

ገንዘብ ጠመትኡ ካልእ ዘይሓስብ
ንህዝቢ ኣድኪዩ ንበይኑ ክኽስብ

ንጉዳይ ሃገር ኣእትዩዎ ኣብ ውስብስብ
እንታይከ ኮይኑ'ዩ ነዚ ኩሉ ዘይሓስብ
ብገንዘብኩም እኮ'ዩ ወጻዕቲ ዘዕስብ

ኤረና ካንዶ ጨሪስኪ ጨኪንኪ
ሕሳብ ዘይትገብሪ ምስ ዝጭክነልኪ
ጥበብ ለግስሎም ነቶም ዝሓስቡልኪ
ከንቱ ከይትጠፍኢ ብኡ ኣቢልኪ
ንዒ ሓግዝና ዝሓይሽ መኺርኪ

ኤረ ኩሉ ነብስኺ እኮ ንሕና ኢና
ስቕ እንተኢልኪ ክንጠፍእ ኩልና
መን ክሕልወኪ ድሕሪቶም ደቅና
ምእንታኺ ኢና ኣብ መሬት ሰፊርና
ያኢ ንድሕነትኪ ሂወትና ከፊልና

ንደቅና ሃቢዮም ልቢ ውስኽሎም ቀልቢ
ምልኣት ኣእምሮ ምልኣት ናይ መሕሰቢ
ሰናይ ግበርዮ ንሃገር ንኹሉ ኣላዝቢ
ኣባኺ ኢዩ ተስፍኡ እዚ ናትኪ ህዝቢ
ንኹሉ ደሚርኪ ቀኒስኪ መፍትሒ ርኸቢ

ክምለስ ካብ ስደት ፋሕ ዝበለ
ክዕረ ጉዳይና ኩሉ እቲ ዝተዛናበለ
ሃገርና ክኸውን ከምቲ ዝማዕበለ
ህዝብና ክነብር ሸቐልቀል ከይበለ
ኣእምሮኡ ክምለስ እቲ ዝተጸለለ

ኣይተጸለለን ባኣኺ'ዩ ፋሕ ኢሉዎ
እዚ ከርተት ናይ ደቅና መን ተጸቢዩዎ
ንዝሓርስ ኣካል ግራቱ ኣሕዲጉዎ
ንኽጽሊ ዝደሊ ጸሎት ከልኪሉዎ
ብህዝቡ ንዝጣበቕ ኩሉ ኣሲርዎ

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና